# ለውጢ ድሕሪ ቀውጢ
09.01.2018
ብበላይ መስፍን

ድሕሪ ቀውጢ ናይ ግድን'ዩ ለውጢ
ህዝቢ እንዳሳቐኻ ኣይተዕጠጢ
ናጽነትና ኣይኮነን ክሳድካ መሕበጢ

ኣታ ውረድ ሎሚስ ሕፈር
መሊኣ ኢያ እታ መስፈር
ምሳኻ ዘለና ሕሳብ ብኸፈር

ከፊልካ ኣይትኹእሎን ዘሎ ዕዳ
ክንደይ ኣላ ዝሓመመት ከብዳ
ብእዋኑ ግዳ እታ ትኸዳ ኪዳ

ፋሕፋሕና ንስኻ ምስረቱ
ዘሪግካዮ ንሰላም ዝፈቱ
ኩልሻዕ ጽቡቕ ዘይትፈቱ

ኣይምሰልካ ብኸምዚ ዝውዳእ
ምሓሽ ብእዋኑ እንተትራዳዳእ
ኩሉ ብዝሓሸ ኣገባብ ክውዳእ

ወይ ካኣ ጣዓሞ ስደት ከም ኩልና
ዓድና ክንምለስ ንዓ ኣብረየና
ባህልና ተለቂሕካ ስጋኹም በለና

መዋጽኦ እኳ ከንደይ ከይጠፍኣካ
ናይ ስስዐ ልማድ እንተዘይሒዙካ
ወይ ደም ንጹሃት እንተዘይጠሊፉካ

ምእንቲ ክቃለስ ካብ ገዝኡ ዝወጸ
መሲሉዎ ዝነብራ ሃገሩ እንዳጋየጸ
ገሪሙዎ ብጉጅለኻ ምስ ተረግጸ

ኣብ ዓለም ክንደይ ዘይሰማዕና
ንናትካ ዝመስል ፍጹም ነይራኣና
እነሀ ካኣ መዛረቢ ዓለም ጌርካና

ከም ዘይተገረመ በቲ ጅግነትና
ሎሚስ ንዒቑና ከምዚ ብምኺና
ዝሓየለ ኣባሪርና ሓደ መሊኹና

ክንዲ ሕጊ ጌርካ ኢሂን ሚሂን
ምዕባለ ተረኺቡ ሚኒን ሚኒን
ተኸባቢርና ንዑ ህዝቢ ነድሕን

ኣይትመልሱሉ ነቲ ነግራም
ልመድዎ ነቲ ኣታኣራራም
ነውሪ ሓድሕድካ ምትህርራም

ጸላኢ ፈላልዩ እናቃተለካ
ብልቦና እንተዘይታዓሪቕካ
ዋላ ሓደ የለን ዘድሕነካ

ጂግንነትና ኣየምጻልናን ፋይዳ
እታ ቃልስና ንሽግር ወሊዳ
ንዳሕራይ ወለዶ ገዲፍናሎም ዕዳ

ግፍዔኛ ስዲድካዶ ብኻልእ ትጥበር
ካንዶ ግርህነትናስ ተቖጺሩ ኣበር
ኣይምሰልኩም ኣብ ዓለም ዝንበር

ንሕስያ ከይገብር ካብ ጠመመ
ምኽሪ ከይሰምዕ ካብ ጸመመ
የድሊ ኣሎ ናይ ህዝቢ እማመ

መንእሰይ ሕበሩ ብሂወት ከለና
ንህዝቢ ከነድሕኖ እናተማኸርና
መጻኢ ወለዶ ከይረግመና

ብብትንታ ሃገር ኣይንግደፋ
ክይከፍኣና ዳሕራያ ኡፋፋ
እክብ ኢልና ሕግና ነጽፍፋ

ኣይዕረን'ዩ ኩሉ ድህሪ ፋሕ ብትን
ገለ ከይገበርና ቃላት ኣይንተንትን
ብእዋኑ ከሎ ንው ገለ ንፈታትን

ኣደይብካ ኣውሪድካ ንኹሉ መርምሮ
ህዝብኻ ኣለዎ ናይ ፍታሕ ሃሮሮ
ጎጎን ጣይታን ግደፎ ሲኢኑ ሓሮሮ

እዚ ኩሉ ሽግር መን ይኽእሎ
ንሕሰቦ ህዝብና ውሪዱዎ ዘሎ
ኣለኹ ምበለ እንተ ዝረክብ መድሎ

ካብዚ ዘሎ ንላዕሊ እንታይ ክወርደና
ፍታሕ ዘይንደሊ ታኣኪብና
ካብ ንነብር እዚዶ እቲዶ እንዳበልና

ሃገር ናይ ኩልኻ ኢያ
ታኣኪብካ ንዓ ግበር ቅያ
ህዝቢ ክቐስን ንበል ጉያ

ምቕልጣፍ የድሊ ንዘሎ ምዕጋቱ
ክዕረ ኣይተኻእለን ብጊሓቱ
ሕጂ ገለ ንግበር ናብ ቤትና ዘእቱ

ብዛዕባ ዝግበር ከውክኣልኩም
ሕጊ እሞ ግበሩ እክብ ኢልኩም
ንኣ ርእዩ ህዝቢ ክመጸኩም

ህዝብና ዝጽበ ሕጋዊ መንግስቲ
ኣብታ ሃገርና ሓቢርና ክንዝተ
ዓለቕቲ ኣሊና ጽሩይ ማይ ክንሰቲ

**ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና**
**ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና**